# ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብተን መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ፈተነ ዝካየደለን ቦታት ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስትን መምህራንን ኣብ ኣርባዕቲአን ቦታት ፅዑቕ ስልጠና ይወሃብ ቀኒዩ። ካብ 9 መዓልቲ መስከረም 2001 ዓ.ም. እስካብ 10 መዓልቲ መስከረም ንኽልተ ተኸታታሊ መዓልቲ ዝወሃብ ዝነበረ ስልጠና ብርክት ዝበለ ቁፅሪ ህዝቢ ግንዛበ ክረክብ ኣኽኢሉዎ እዩ፡ ኣብ ገፀር ወረዳ እንደርታ ዝርከቡ ልዕሊ 989 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ከተማ ኹሓ ስልጠና ወሲዶም። እቶም ስልጠና ዝወሰዱ ኣካላት ፖሊስ፣ መምህራን፣ ወኪላት ልምዓት፣ ሰብ ሞያ ሕክምናን ካልኦትን እንትኾኑ ኣብ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ኣመልኪቱ ስልጠና ተኸታቲሎም።

እቲ ስልጠና ብዕሊ ዝኸፈቱዎ ሓላፊ ምኽትል ኣመሓዳሪ ወረዳ እንደርታ ኣይተ ገ.ሚካኤል ተኽሉ እዮም። ኣብ መኽፈቲ ዘረበኦም መንግስቲ ሒዙዎ ዘሎ ኣወሃህባ ግልጋሎትና ንምምሕያሽ ፕሮግራም ሓንፂፁ ዝገብሮ ዘሎ ስራሕቲ ንድኽነት ዘወግድ ብምኻኑ ብግቡእ ተኸታቲልና ኣብ ተግባር ክንትርጉሞ ከምዝግባኣና ገሊፆም።

ብተመሳሳሊ ኩነት ኣብ ከተማ ውቕሮ እውን ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስትን መምህራንን ልዕሊ 880 ዝኾኑ ከምዝሰልጠኑ ንምፍላጥ ተኸኢሉ። እዚ ሐዚ ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና ኣብ ፈተነ ትግበራ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ፅዑዝ እጃም ዘለዎ ኣካል እቲ መስርሕ፣ ብመሰረት እቲ ቅድም ኢሉ ንመሰልጠንቲ ስልጠና ዝተውሃበ ከምዝኾነ'ውን ንምፍላጥ ተኻኢሉ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ከተማታት መቐለን ዓዲግራትን እውን ንኸባቢ 1000 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ መጀመርታ ሰሙን ወርሒ መስከረም 2001 ዓ.ም. ከምዝተውሃበን እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ኣተገባብርኡ እኹል ግንዛበ ከምዝረኸበን ንምፍላጥ ተኻ ኢሉ።



ኣብ ወረዳ እንደርታ ካብ ዝሰልጠኑ



ኣይተ ገ.ሚካኤል ተኽሉ መልእኽቲ እንትገብሩ